# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ኣድጊ ኹይኑ ዝተወልደ ቆልዓ


✎ Lindiwe Matshikiza
Meghan Judge
Daniel Berhane Habte



This work is licensed under a Creative Commons Attribution 4.0 International License.
https://creativecommons.org/licenses/by/4.0



# ኣድጊ ኹይኑ ዝተወልደ ቆልዓ



✎ Lindiwe Matshikiza
Meghan Judge
Daniel Berhane Habte


3

ትግርኛ ti

ፈለማ ሓንቲ ንእሽቶ ቈልዓ እያ ነቲ ምስጢራዊ ቅርጺ ብርሑቕ ዝርኣየት።

እቲ ቅርጺ እናቐረበ ምስመጸ፡ ሓንቲ ብጽሕቲ ወርሒ ነፍሰ-ጾር ኣደ ከምዝኾነት ርኣየት።

እታ ሓፍር ግን ድማ ቈራጽ ዝኾነት ንእሽቶ ቈልዓ ናብታ ኣደ ቀረበት፡ ከምዚ ድማ በለት።
“እናተኻናኸ’ና ምሳና ክንሕዛ ኣለና፡” እቶም ምስኣ ዝነበሩ ሰባት ድማ ከምዚ ክብሉ ወሰኑ። “ንዓኣን ንውላዳን ምሳና ክንዕቅቦም ኢና።”



እቲ ኣድጊ ዃይኑ ዝተወልደ ቈልዓን ኣዲኡን ወትሩ ብሓባር ተቐመጡ፡ ከሳንዮም ዝኽእል ብዙሕ ሜላታት’ውን ረኸቡ። ቀስ ብቐስ፡ ኣብ ዙርያኦም፡ ካልኦት ስድራቤታት ክሰፍሩ ጀመሩ።

ኣድጊ ነ’ዲኡ፡ ንበይና ኾይና በቲ ዝጠፍኣ ቆልዓ ክትሓዝን ረኺባ። ንሓድሕዶም ንነዊሕ እዋን ተጠማመቱ። ሽዑ ንሓድሕዶም ኣጥቢቖም ተሓቛቚፉ።



እታ’ደ ሕርሲ ተታሕዘት። “ድፍኢ!” “ኮቦርታ ኣምጹኡ!” “ማይ!” “ድፍኢኢኢኢኢኢኢኢ!!!”

ነቲ ህጻን ምስርኣይዎ ግና፡ ብስንባደ ኩላቶም ንድሕሪት ዘለሉ። “ኣድጊ?!”



ኣድጊ ኣብ መወዳእታ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ፈለጠ።

… እቲ ደበና፡ ከምኡ ድማ ዓርኩ፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ድሮ ተሰዊሮም ነበሩ።



ኵሎም ክካትዑ ጀመሩ። ገሊኣቶም፡ “ኣደን ውላዳን ክንዕቅቦም ኢና’ዶ ‘ይበልናን፡ ከምኡ ድማ ኢና እንገብር።” በሉ። ካልኦት ድማ፡ “ግና ሕማቕ ዕድል ከምጽኡልና እዮም” በሉ።

ስለዚ እታ’ደ ዳግም ንብሕታ ተረፈት። ነዚ ስግንጢር ዝኾነ ቈልዓ እንታይ ከምእትገብሮ ኣስደመማ። ብዛዕባ ገዛእ ርእሳ እንታይ ከምትገብር መስተንክር ኰና።



ኣብ ላዕሊ ኣብ መንጎ’ቲ ደበና ድቃስ ወሰዶም። ኣድጊ ኣዲኡ ከምዝሓመመትን ትጽውዖ ከምዘላን ሓለመ። ምስተበራበረ ድማ...

ሓደ መዓልቲ፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ንኣድጊ ናብ ሓደ ጫፍ ናይ ጎቦ ተሰኪምዎ ክድይብ ሓተቶ።



ኣብ መወዳእታ ግና እቲ ቈልዓ ወዳ ምኺኑ ንሳ ድማ ኣዲኡ ምኻና ክትቅበሎ ኔርዋ።

ሕጂ፡ እቲ ቈልዓ ከምታ ዝነበራ፡ ንእሽተይ ግዝፉ ኔሩ እንተዝኸውን፡ ደለ ምኾነ። እቲ ኣድጊ ግና እናዓበየ እናዓበየ ኣብ ሕቘ እታ’ደ ክሕዘል ክሳብ ዘይክእል ኰነ። ብተወሳኺ፡ ዝፈተነ እንተፈተነ’ውን ከም ናይ ሰብ ጠባይ ክህልዎ ኣይከኣለን። ኣዲኡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ደኸመትን ተባሳጨወትን። ሓደ ሓደ ግዜ እንስሳታት ጥራይ ክሰርሕዎ ዝግበኦም ስራሕ ተስርሖ ነበረት።



ኣድጊ ምስቲ ዓቢ ሰብኣይ ክቕመጥ ከደ፡ ዝተፈላለዩ ሜላታት ናይ ምንባር ድማ ካብኡ ተምሃረ። ኣድጊ ሰምዐን ተምሃረን፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ’ውን ከምኡ። ንሓድሕዶም ተሓጋገዙ፡ ብሓባር ድማ ሰሓቑ።

ኣድጊ ምስ ተበራበረ ሓደ ዓቢ ባዕዳዊ ሰብኣይ ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢሉ ክጥምቶ ጸንሐ። ኣብ ኣዒንቲ ናይቲ ዓቢ ሰብኣይ ምስጠመተ ብልጭልጭታ ናይ ተስፋ ክስምዖ ጀመረ።



ኣድጊ ድንግርግር በሎ ቊጥዑኡ’ውን ዛየደ። እዚ ክገብር ኣይክእል እቲ ክገብር ኣይክእል። ከምዚ ክኸውን ኣይክእል ከምቲ ክኸውን ኣይክእል። ኣዝዩ ሓሪቑ፡ ክሳብ ሓደ መዓልቲ፡ ነ’ዲኡ ረጊሑ ናብ ባይታ ዘውድቓ ኰነ።

ኣድጊ ውርደት ተሰምዖ። ብዘለዎ ፍጥነትን ክሳብ ክበጽሖ ዝኽእል ርሕቀት ክሃድም ጀመረ።



ጕያኡ ኣብ ዘቋረጸሉ ግዜ፡ መሬት መስዩ ነበረ፡ እቲ ኣድጊ ድማ ጠፍአ። ኣብቲ ጸልማት “ሂሃ ሂሃ?” ኢሉ ሃለለ። “ሂሃ ሂሃ?” ዝብል መቓልሕ ተመልሶ። በይኑ እዩ ኔሩ። ከምዛ ኲዕሶ ዕኹልል ኢሉ ኣብ ዓሚቚን ርቡሽን ድቃስ ኣተወ።